# መቐጸልታ ናይ ትማሊ 3ይ ክፋል:-

# ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ

# ሸርሒታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን: ስንክሳር ማሕለኻታቱን!!!

# ጎስጓሳት ስርዓት ጃንዳ ወያነን ስዉር መደባታን

# ህዝቢ ምስ ህዝቢ

# ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ክሰፍኖ እንተተደልዩ

# ኤርትራ ናብ ንቡር ቦታኣ ክትምለስ ኣለዋ

ሰላም ክቡራት ተኸታተልቲ ብመጀመርያ ነቲ ኹሉ እነካይዶ ዘለና ሓበሬታ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ወሳኒ ብምዃኑ ኣብ ገለ እዋን ውን ገለ ሓበሬታታትና ጎዶሎ ክኾኑ ንስለ ዝኽእሉ ነቲ ዘጋጥም ግድፈት ገሊኡ ብናይ ኮምፕዩተር ምዝላል ሓሳባት ገሊኡ ኸኣ ምስ ምድግጋም ቓላትን ሓሳባትን ዝፍጠሩ ጌጋታት ብምዃኖም ኣብ ቀጻሊ ኣብ እነካይዶ ናይ ምእራም ሓበሬታትና ብዝተማለአ ንክኸውን ንዘጋጥመና ክውን ናይ ጌጋ መስርሕ በቲ ዲሒርና እንእርሞ ክትነብዎ እናተማሕጸና ኣብ ናይ ዶክተር ዳኒኤል ረዘነ ነቲ ዘጋጠመ ግዝያዊ ጌጋ ይቕረታ ንሓትት።

1. መኣረምታ (ሄኖስ ፍቓዱ ዝቕመጠሉ ሃገር ስዊዘርላንድ ኢዩ) እቲ ሽወደን ዝብል በዚ ዝስዕብ ስዊዘርላንድ ተባሂሉ ክእረመልና ኸኣ ነማሕጽን



**ሄኖስ ፍቓዱ፤-** ሄኖስ ፍቓዱ ‘ውን: ኣብ 1984 ዝተሰለፈ ኮይኑ: ዝነውሐ ዕድመ ናይ ምግዳሉ ናይ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝጊሄር ኦፕረይተር ኮይኑ ዘሕለፈን: ዋላ ‘ውን: ኣብ ድሕሪ ነጽነት ምስ ብርሃነ ገርዝጊሄር ኮይኑ ዝሰርሐን ኢዩ ሄኖስ ፍቓዱ:: ስድራ ቤቱ ኣብ ኣስመራ ማይ ተመናይ ዝቕመጡ ኮይኖም: ሓፍቱ ብጓል ፍቓዱ እትፍለጥ ዮርዳኖስ ፍቓዱ ኣብ እዋን ገድሊ ኣብ ጨንፈር መጓዓዝያ ኣካል ጋራጅ ተመዲባ ትሰርሕ ዝነበረትን: ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እትቕመጥ ኮይና;ስድራ ቤት ኣቶ ፍቓዱ ብትውልዶም ትግራዎት ኮይኖም: ደቆም ግን: ኣብ ኣስመራ

**ሄኖስ ፍቓዱ** ተወሊዶም ዝዓበዩ ኢዮም:: ወላዲ ኣቦኦም ኣቶ ፍቓዱ ድሕሪ ነጻነት ንኹሎ ደቆም ኣኪቦም ምስ ናይ ኩርዓቱ ትውልዶም ትግራዎት ምኳኖም ዝሓበሩን ብናይ ምምህርና ኣገልግሎቶም ንቡዙሓት ዜጋታት ፍልጠት ዘቕሰሙ ኢዮም

ሄኖስ ፍቓዱ ድሕሪ ነጻነት 'ውን: ቅድሚ ዞባታት ዝነበረ እዋን: ኣብ ምምሕዳር ኣውራጃታት: ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረን ኢዩ:: ነዞም ኩሎም ኣብ ምምልማል ዝሓርዮም: ላዕለዋይ ወኪል ስለያ ወያነ ኢዩ:: ሄኖስ ፍቓዱ ሕጂ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጥ ኮይኑ: ብተመሳሳሊ ነቲ ብወያነ ዝተመደበ ስራሓት ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝቐንዐ መናፍሕ ጎስጓሳት ካብ ዘካይዱ ሓደ ኢዩ:: ነቲ ኣብ ደብረዘይቲ ብስም መንእሰያት ኤርትራ ዝተኻየደ ዋዕላ ካብ ዝተሳተፉን: ኣብ ግዳም ኮይኖም ውጥናት ወያነ ናብ ህዝቢ ጎስጓስ ካብ ዘካይዱን ሓደ ኢዩ ሄኖስ ፍቓዱ:: ወያነ ልክዕ ከም ሄኖስ ፍቓዱ ዝኣመሰሉ መጋበርያ ዝኾንዋ ዕሻሻት ኣብ ነፍስ ወከፍ ናይ ፓልቶክ መዛተዩ ቦታ ሰኺሲኻቶም ኣላ

2. መኣረምታ ኻልድ ዓብዱ ኣብ ኤርትራ እንከሎ ቅድሚ ምጅማር ኩናት 1998 ፍሉጥ ኣባል ስለያ ወያነ ኢዩ ነይሩ



**ኻልድ ዓብዱ** ኻልድ ዓብዱ: ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ዝዓበየ ብትውልዱ ትግራዋይ ኢዩ:: ኻልድ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝተማህረ ኾይኑ: ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ንጉዳይ ነጻ ፕረስን: ምቛም ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን መዝሚዙ: ንሱ ዝምውላን ዘካይዳን: ኣድማስ ናይ ዝተባህለት ብሕቲ ጋዜጣ: ሓደ ካብ ኣሰናዳእታን ኣቕረብትን ዝነበረ ኮይኑ: ጌና ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እንከሎ ብወያነ ንስለያዊ ስርሓት ዝተቖጽረን: ቅድሚ ምጅማር ኩናት ወያነ 1998

ጀሚሩ ኸኣ ከኣ ብሰበ ስልጣን ወያነ ኣብ ስለያዊ ስርሓት ተቖጺሩ ዝነበረን: ቀቅድሚ ምብራዕ ኩናት ወያነ 1998 ወያነ ኣብ ምድላው እንከሎ ኣትሒዙ ምሉእ ወትሃደራውን ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኤርትራ ናብ ማእከላይ ስለያ ወያነ ዘሕልፍ ዝነበረን ብመምርሒ ስርዓት ወያነ ናብ ሱዑድያ ዝሃደመን: ስርዓት ወያነ ብዘዳለወሉ ጥጡሕ ባይታ ኣቐዲሙ ናብ ነዘርላንድ ድሕሪ ምእታዉ ኣብ ሽወደን ኢዱ ዝሃበን ኣብ መሳርዕ ማእከላይ ስለያ ወያነ ኣብ ትሕቲ ማእከላይ እዚ ስለያ ኢሰያስ ወለገርግሽ ስሙ ዝተመዝገበን ብመደብ ናብ ሽወደን ዝተላእከን ኢዩ። ኣብ ሽወደን ትምህርቱ ብምቕጻል ንጉዳይ ስድተኛታት ኤርትራ ናይ እትከታተል ማሕበር ኣቦ ወንበር ብምኳን ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ሽወደን ንምስሊ ክውንነት ኤርትራ ዓቐኑ ብዝሓለፈ መንገዲ ዘነውርን ዘጸልምን ዘሎ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ናይ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደን: ጌና ናይ ዝካየድ ዘሎ ሽርሕታትን ተንኮላትን ሃንዳስን ወዳብን ብምኳን ዝነጥፍ ዘሎ ኢዩ:: ኻልድ ዓብዱ ኣብ ኤርትራ ተወሊደ ዝዓበኹ ኤርትራውነት ዝተቐበልኩ ምእንቲ ኤርትራ ኤርትራ ንኽትከውን ዝቃለስ ዘለኹ ኢየ እንተበለ ዘምሕረሉ ምኾነ: እንተዘይኮይኑ ንመቦቆል መንነቱ ብምኽሓድ ብጉልባብ ኤርትራውነት ነታ ብደምን ዓጽምን ተነዲቓ ነጻ ዝኾነት ኤርትራ ንምፍራስ ልባዊ ኢትዮጵያውነቱ ብምቕዳም ክሳብ ዝሰርሐ ዓይኒ ተጻናጸንቲ ከም ዘይምሕሮ ክርደኦኦ ምተገበአ እንተዘይኮይኑ ነቲ ትግራዋይነቱ ዝኽሕድ እንተኾይኑ ኪኖ እቲ ኣብ እዋን ምርጫ ደብረዘይቲ ዘጋጠሞ ተቛዉሞ: ነቲ ኣብ እዋን መርዓ ሽወደን ዝተዓደመ በዓል ጭራ ዋጣ: ንምውዳስ ክብል ዝሃቦ ዝርዝር ወለዶ ኣፉ ምዕባስ ምሓሾ: ኣይፋል ሓሶት

ኢዩ ዝብል እንተኾይኑ ግን: ናይ’ቲ ኣብ’ቲ እዋን መርዓ ዝተቐድሐ ትሕዝቶ ዝርዝር ወደሰ ወለዶ በዓል ጭራ ዋጣ ብቪድዮ ዝተታሕዘ ስለ ዘሎ ክንዝርጋሓሉ ንኽእል ኢና:: ንምኳኑ: ኻልድ ዓብዱ ንምንታይ ዝዓለመ ኢያ ወያነ ቅድሚ ናይ ደብረዘይቲ ኣኼባ: ንኣስታት ክልተ ወርሒ ኣብ ጉያኣ ሓይባትካ ነይራ ብማዕረ እንፈልጦ ምኳንና ዝዘንጋዕካ ትመስል ኻልድ!



ኣድሚን ስመር ሩም amiche_1 ግርማይ ኣሚቾ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝቕመጥ ኮይኑ ካብቲ ብቖዋምነት ዝሰርሓሉ ዝነበረ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣሜሪካ ብመንገዲ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣኽሊሉ ኣብርሃ ጸያፍ ቛንቛ ትግርኛ ዝኽእል ምስ ኤርትራውያን ኣሚቾ ዘደናግር ላህጃ ስለ ዘለዎ ኣብቲ ኤርትራውያን ንጉዳይ ሃገሮም ዝዋስእሉ ብስም ፓል ቶክ ዝፍለጥ ናይ መዛረቢ ማእከል ከም ኣድሚን ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ኣብቲ ምስታ ብወያነ እትምሓደር ራድዮ ወጋሕታ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ንሓቀኛ ስሙ ብምቕያር ግርማይ ብዝብል ስም ክፍለጥ ዝተደልየ ኣብቲ ብመንገዲ ናይ ስካይፐ ኣኼባ እክሊሉ ኣብርሃ ዝመርሖ ዝተኻየደ ነቲ ዊልያም ብዝብል ብርዒ ስም ኣብ ፓል ቶክ ዝነጥፍ ሰሎሞን ኣርኣያ ኣብ ኩሉ መዳያት ከማእዝኖን ክመርሖን ምኳኑ ናይ ዝተሓበረሉ ስቱር ርክብ ኣብ ናይ ስመር ሩም ኣድሚናት ንመንነቱ ዝምልከት ቅንጣብ ሓበሬታ ከይህብ ብዝተነግሮ መሰረት ኣድሚናት ስመር ሩም ኩሎም ነብሶም ኣብ ዘላልዩሉ ዝነበሩ ህሞት ብስም ኣሚቾ ዝፍለጥ (ብርዒ ስም ግርማይ) ግን ምስ ናይ ይቕረታኡ ኣነ መንነተይ ክገልጽ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን ብማለት እምቢታ ከርኢ. እንከሎ እቲ ኣብ ቀዳድ ገረወይና ኮይኑ ዝግዕር ተስፎም መሓሪ ከይተረፈ ኣቐዲሙ ብዝተዋህቦ መምርሒ መሰረት ንመንነት ኣሚቾ ካብ ምቅላዕ ተቖጢቡ ጥራይ ዘይኮነ ንዘይምግላጽ መሰሉ ብምባል ሸለል ኢሉዎ ሓሊፉ ኢዩ

ኣሚቾ ዕላማ ለኣኽቱ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ብመንገዲ ሓጋዚና ዝብሎ ወያነ ከም ዝመጽእን እቲ እንኮ ፍታሕ ኤርትራውያን ኤርትራ ደጊማ ናብ ኢትዮጵያ ከም ትልሕቕ ምግባር ምኳኑ ዝኣምንን ንነጻነት ኤርትራ ናይ ዝተኸፍለ ዋጋ ዘይቅበልን ብቐንዱ ኸኣ ነጻነት ኤርትራ ዘይወሓጠሉን ኣፍ ደገ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ ኢሉ ዝኣምንን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ነዚ ዕላማ እዚ ንምውቃዕ ዝሰርሕን ኢትዮጵያዊ ምኳኑ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ዝሰርሕ ምኳኑ ብናይ ድምጺ ዝርርብ ናይ ዝተቐድሐ ርክብ ከም ዘሎና ክነዘካኽሮ እንከለና ነዚ ናይ ድምጺ ርክብ ዋጋ ዝተኸፍሎን ረዚን ሓበሬታ ምኳኑ ከነነጽር ንደሊ

ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ውን ንጹር ምሉእ ስምን መቦቆልን ንምግላጽ ዝእግመና ከም ዘየለ ብምዝክኻር ኣሚቾ ኣብቲ ንኤርትራ ንምጉዝዛይን ቡኡ መጠን ከኣ ናብ ኢትዮጵያ ንምልሓቓን ዝግበር ኣዕናዊ ናይ ዉዱቓት ቃልሲ ከም መርሓ ሕንጻጽ ዝጥቀመሉ ናይ መዛተዩ ዋጋ ብርዑን ስነ ሓሳብ ዮሴፍ ገብሪህይወት ኢዩ





**ፋና ተስፋልደት** ፋና ተስፋልደት ኣብ ዞባ ደቡብ መሎኽሰይቶ ዝተወልደት ዕባይ ከተማ ሰንዓፈ ኮይና ብምምህርና ተቖጺራ ትሰርሕ ዝነበረትን ድሕሪ ኲናት 1998 ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንከባቢ ሰንዓፈ ኣብ ዝገደፈሉ እዋን ንሰራዊት ወያነ መሪሑ ናብ መሬት ኤርትራ ብምእታው ንህዝቢ ኤርትራ ዘበሳበሰን ዝሸምገላ ኣዴታትን ዝቐረባ መነኩሳትን ጌና ዘይበጽሓ ጎራዙት ዓዲን ዓዲ ውዒል እዴታትን ናይ ዝዓመጸ ብደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ናይ ዝፍለጥ ብተወልደ ገብረስላሴን ብርሃነ ሃንጀማን ናይ ዝምራሕ ሰደግኤ ዝተባህለ ዓመጸኛ ውድብ ተሰሪዓ ብሚስጢር ክትነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ነቲ ቦታ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ናብ ስርዓት ወያነ ኢዳ ድሕሪ ምሃብ ብወያነ ፍሉይ ምልመላ ተኻይዱላ ብጉልባብ ስደተኛነት ሰነዳታ ብላዕለዎት ማእከላት ስለያ ወያነ ተወዲኡላ ብመንገዲ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ልክዕ ከምቶም ዝበዝሑ ወያነ ዝመልመሎምን ብቑጽሮም ዉን ትግራዎት ዝዓብለሉዎ ብስም ናይ ኤርትራ ስደተኛነት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝፈለሱ ፋና ተስፋልደት ውን ከም ኤርትራዊት መመላእታን መታሓፍስትን ክትከዉን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምስ ኣተወት ከተማልኦምን ከተተግብሮምን ዘለዋ ስለያውን ፖለቲካውን ዕማማት ተዋሂቡዋ ነቲ ንኤርትራውያን ንወጻኢ ሃገራት ይለኣኹ ኣለዉ ዝብል ፕሮፖጋንዳ ንምሕፋሱ እንተላይ ተባሂላ ካብ ዝተዋፈረት ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሑቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ትነብር ዘላን ኣብ ፖለቲካዊ ጸጥታውን ጉዳያት ኤርትራ ናይ ወያነ መልሕቕ ኮይና ትሰርሕ ዘላ ኢያ

ብዘይካ እዚ ፋና ተስፋልደት ኣብ ማእከላት ናይ ፓል ቶክ ኤርትራውያንን ብወያነ ናይ ዝምርሓ ፓልቶክ ሩምን ብምስታፍ ንኤርትራዊ ክውንነት ብመንጽር ድልየት ወያነን ዕጋበቱን ንምጉስጓስ ብዘይምስልካይ ትነጥፍ ዘላ ዕልልቲ ኢያ

## ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራውያን ዝቐንዐ ኅስጓሳት፣-

ኢትዮጵያ ብዘይካ እቲ ንመንእሰያት ኤርትራ ንምህማሽ እተካይዶ ግብራዊ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘለዉ ኤርትርውያን እትወስዶ ስነ ኣእሙራኣዊ ምንዋጽ ንምሕያል ሉሉያት ሰባት ብምምዳብ ካብ እትሰርሓሉ ዘላ ጉዳይ ሓደ ኢዩ ሓደ ካብቶም ነዚ ዝሰርሑ ዘለዉ ኸኣ ገዳይም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበሩ ኢዩ ዝካየድ። ከም መስርሕ ከኣ ብግብሪ ኣተሓሒዛ ካብ ትሰርሓሎም ዘላ ገዳይም ተጋደልቲ ነበር ተስፋይ ተምነዎ ዝርከቦም በዓል ሃይለ ከበበው ጂማ ኢዮም ንሎሚ ናብ ናይ ሃይለ ከበበው ጂማ (ኩኜ) ከነተኩር ኣብ ዝቕጽል ናብ ናይ ወዲ ተምነዎ ከነተኩር ኢና





ሓደ ካብቶም ነዚ ጉዳያት ዘካይዱ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግምባር ዝነበረ ሃይለ ከበበው ጅማ (ኩኜ) ኢትዮጵያዊ ኢዩ። ሃይለ (ኩኜ) ኣብ እዋን ገድሊ ኣብ ክፍሊ ቤት ንባብ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዓራግ ዓምበርበብ ዓራርብ ድሕሪ ንጻነት ከኣ ኣብ ኣስመራ ጸኒሑ ውን ናብ ቤት ንባብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ኮይኑ ሕጂ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝቕመጥ ኮይኑ ወያነ ብዝሃቦ መምርሒ መሰረት ከም ቀንዲ ኣባል ስለያ ብምምዳብ ብዝተዋህቦ መምርሒ መሰረት ዝዋፈር ኢዩ።

***<u>ሃይለ ከበበው ጅማ (ኩኜ)</u>*** *ሃይለ ከበበው ጅማ (ኩኜ) ብመሰረት ዝተዋህቦ መምርሒ ወያነ ሎሚ ኣብቲ ብስም* Eritrean smerrr for chenge Room *ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብናይ ኮምፕዩተር ኤለትሮኒካዊ መሳርሒ ዝግበር ብወያነ ዝምእዘን ባይታ ዘተ ኣንጻር ገድላዊ ታሪኽ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራን መሪሕነቱን ቀንጻሊ ዝኾነ ናይ ጸለመ ጎስጓስ ብምክያድ ንታሪኽ ገድልና ብምጥቃንን ብምጽላምን መንእሰያት ኤርትራ ንምብራዝ ዝሰርሕ ማሽን ብምድላው ብመንገዲ ወያነ ዝተዋህቦ መምርሒ መሰረት ከኣ መዓልታዊ ናይ ክልተ ሰዓት መደብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክህብ ዝተመደበ ሰብ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ ንዕላማን ስትራተጅን መደባት ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንምትግባር ጎስጓሳት ዘካይዱ ካብ ዘለዉ ሓደ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ብጉልባብ ሃይማኖት ጴንጤ ኮስታል ምርኩስ ብምግባር ውን ሕቡእ ኣጀንዳኡ ዘተግብር ዘሎ ናይቲ ብመንግስቲ ኤርትራ በጺሑኒ ዝብሎ ኣደራዕ ሕነ ንምፍዳይ ኣብ እንግድዓ ህዝቢ ኤርትራ ከውጽኦ ዝደሊ ዘሎ ብፍጹም ዘይኩርን ብህድኣት ናብቲ ዝደለዮ ዕላማ ንምትግባር ዝሰርሕን ኣዝዩ ሓደገኛ ሰብ ኢዩ*



**ብንያም ደበሳይ** ብንያም ደበሳይ ኣብ 1984 ናብ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ድሕሪ ግቡእ ወትሃደራውን ፖለቲካውን ኣስተምህሮ ምውሳዱ ናብ መካናይዝድ ኣሃዱ 74 ተመዲቡ ክሳብ ዕለተ ነጻነት ኣገልጊሉ ኣብቲ ብድሕሪ ነጻነት ኣብ ግምቦት 20-1993 ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ናይ ተጋደልቲ ኣድማ ሓደ ካብ ተሳተፍቲ ብምዃን ንሓጺር እዋን ኣብ ቀይዲ ኣትዩ ነይሩ ኢዩ፣ ድሒሩ ኣብ 1998 ቀቅድሚ ምብራዕ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ጴንጤ ኾስታል ኣማኒ ብምዃን ክሳብ ናብ ስደት ዘምረሓሉ ወርሒ 11-2003 ኣብ ኤርትራ ጸኒሑ ሕጂ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝነብር ዘሎ ኢዩ

*ብንያም ደባሳይ ኣብ ዝነብረሉ ሃገረ ዓባይ ብሪጣንያ ብጉልባብ ሃይማኖት ናይ ጴንጤ ኮስታል ፓስተር ኮይኑ ብምግልጋል ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ፖለቲካዊ ክውንነት ኤርትራ ከም ዝርሕቑ ብምግባር ከም ናይ ሃይማኖት ፈታሒ ሽግር ኮይኖም ንኽቑርቡ ብማለት ወያነ ብዝገበረሎም ናይ ገንዘብን ንዋትን ምሕብሓብ ኣብቲ ኣብ ኢትዮጵያ ንዓሰርተ መዓልቲ ዝተኻየደ ናይ መንእሰያት ዋዕላ ደብረ ዘይቲ ከም መተካእታ ወያነ ዝጠፍጠፎ መንግስቲ ንምስራሕ ነቲ ዋዕላ መሪሖም ካብ ዘካየዱን ናይ ኤውሮጳ ኣባል ኣመራርሓ ቦርድ ኮይኑ ዝተመርጸን ኢዩ*

*ብንያም ደበሳይ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብጉልባብ ሃይማኖትን ፖለቲካን ንቐንዲ ነቲ ናይ ኣውራጃ ሕማማት ብምጉህሃር ዓበይቲ ፍልልያት ካብ ዝፈጥሩ ዘለዉን መንእሰያት ብጉልባብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኣቢሎም ነቲ ፖለቲካዊ ክውንነት ክምእዝዝዎም ክቆጻጸሩዎን ብማለት በቲ ወያነ ዝሃቦ መምርሒ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ዝነብረሉ ሃገር ዓባይ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ናይ ኤርትራ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል ኢየ ዝብል ትካል ሓላፊቱ ምስ ዝኾነት ውልቀ ሰብ ብዝወሃቦ መምርሒ መሰረት ነቲ ናይ ኣውራጃ ምግምማዕ ብዝሰፍሐ ካብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሓደ ኢዩ እቲ ነዚ መደብ እዚ ኢሉ ዝወጽእ ባጀት ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ከይተረፈ ዝስላዕ ኮይኑ ንዝርዝሩን ወነንቱን ኣካየድቱን ብዝምልከት ኣብ ናይ ቀጻሊ መደባትና ክንዝርግሖ ምዃና ቓል ብምእታው ብንያም ደበሳይ ግን ሓደ ካብ ቀንዲ ተዋሳእቲ ናይ ምፍልላይን ምዝራግ ምትካል ዋልታ ሓድነትን ኤርትራ ዝሰርሕ ምዃኑ ምፍላጡ ኣገዳሲ ኢዩ*



**ጴጥሮስ ክፍለ** ሓቀኛ ሽሙ **መሓረና ክፍለ** ኮይኑ እቲ ጴጥሮስ ዝብል ሽም ኣብ ስደት ኣየርላንድ ኢዱ ምስ ሃበ ዝቐየሮ ኮይኑ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ኢየ እናበለ ስሙ ብምቕያር ብምቾትን በለጽን ክነብር ዝመደበ ኣማኒ ጴንጤ ኮስታል ኮይኑ ኣብ ኤርትራ እንከሎ ኣብ ከተማ ደቀ-ምሓረ ዝቕመጥ ዝነበረን ኣብ ቤት ትምህርቲ እምነተ ምስዮን ዝተማህረ ነቲ ናይ ጴንጤ ኮስታል እምነት ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት መሕብኢ ክጥቀመሉ ብምምዳብ ዝኣተዎ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ድሕሪ ናብ ኢትዮጵያ ምእታዉ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ ከም ፓስተር ሃይማኖታዊ እምነትን ፖለቲካዊ ካድረ ወያነ ኮይኑ ከገልግል ድሕሪ ምጽናሕ ብመንገዲ ወያነ ፍሉይ ጎስጓስ ካብ ዝተኻየደሎም ቀንዲ ኣገልገልቲ ወያነ ኮይኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኣየርላንድ ዝነብር ዘሎ ጴጥሮስ ክፍለ /መሓረና/ ናብቲ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝርከብ ናይ ጰምነት ማእከል ንሃይማኖታዊ ጉዳያት ኣመልኪቱ ቀጻሊ ክስታትን መረረታትን ካብ ዘቕርቡን ብጉልባብ ሃይማኖት ንፍልሰት መንእሰያት ናይ ረስትልመንት መስርሕ ካብ ዘሳልጡ ሓደ ኮይኑ እብቲ ናይ ደበረ ዘይቲ ዋዕላ መንእሰያት ከም ኣመራርሓ ቦርድ ኤውሮጳ ኮይኑ ንኽሰርሕ ወያነ ካብ ዝመረጾም ሓደ ኢዩ



**ፍረወይኒ** ነባርነታ ኣብ ሃገረ ጀርመን ኮይኑ ኣብ ኣዋሳ ኢትዮጵያ ብወያነ ተኸሊሱ ናይ ዝተመርሐን ብወያነ ተጠጂኡ ናይ ዝተቓመመን ዝተመስረተን ብስም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተባሂሉ ናይ ዝፍለጥ ምትእኽኻብ ምኽትል ኣደ መንበር ሃገራዊ ባይቶ ኮይና እዚ ባይቶ እዚ ነቲ ናይ ወያነ ብሂራት ክሳብ ምንጻል ዝብል መደባት ወያነ ዝሓዘለ ዓንቀጽ 39 ቅዋም ወያነ ዝተቐበለ ንድፊ ቅዋም ብምቕባል ንዑኡ ኣብ ባይታ ኤርትራ ንምትግባርን ቡኡኡ መጠን ከኣ ኢትዮጵያ እንተኸፈአ ናይ ወደብ ባይታ ንምርካብ ካብ ዝሰርሑ ባእታት ሓንቲ ኮይና ብመሰረቱ ኣቓውማ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ውን ኣፍልጦ ዘይብላ ብሃውሪ እትጓዓዝ ወያነ ከም ቀንዲ መሳርሒ ቆጺሩ ዝዓሰባ ኢያ



**ደስበለ መሓሪ** ደስበለ መሓሪ ነባርነቱ ኣብ ጀርመን ኮይኑ ነባር ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ብመሰረት ናይቲ ኣብ ኣዋሳ ዝተኻየደ ኣኼባ ምቛም ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናይ ዞባ ኤውሮጳ ናይ ኣመራርሓ መስኖ ክሕዝ ዝተመደበ ኢዩ

ደስበለ ኣብዚ ሕጂ እዋን ነቲ ኣብ ኤውሮጳ ብደረጃ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ንጥፈታት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ሃገርን ኤርትራ ካብ ዘወሃህዱ ሓደ ኢዩ



**በርሀ ዑቕባዝጊ** በርሀ ዑቕባዝጊ ምቕማጡ ኣብ ጀርመን ኮይኑ ሓደ ካብቶም ኣብ ጀርመንን ስዊዘርላንድ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራን ታሪኹን ክቱር ጽልኢ ዘለዎ ኣብ ሕነ ምፍዳይን ቅርሕንትን ተላዕጢጡ ዝጓዓዝ ዘሎን ሱር መሰረት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ንምጥፋእ ኣሸንኳይዶ ሃገረ ኤርትራ ንምልእቲ ዓለም ውን ናብ ወያነ ንምርካብ ሕንኽ ዘይብል በርሀ ዑቕብዛጊ ኣባል ናይቲ ኣብ ሃለውሳ (ኮማ) ኣትዩ ከሎ ንኣስታት 4 ዓመት ኣቢሉ ዝመርሖ ዝነበረ ብዓብደላ እድሪስ ሕጂ ኸኣ ብሓሰን ኸሊፋ ዝምራሕ ንስም ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብሒቱ ዝጉዓዝ ዘሎ ውድብ ኣባል ኢዩ


በርሀ ዑቕባዝጊ ንባዕሉ ብጽልኢ ኺሒኑ ንመላእ ቤተሰቡ ከይተረፈ ዝመረዘን ኣብ ናይ መንእሰያት ፓልቶክ ብምእታው ንዕማማት ተልእኾ ወያነ ካብ ዘሳልጡ ሓደ ኮይኑ ካብ ምስረታ ኮምሽን ዋዕላ ክሳብ ናይ መንእሰያት ደብረዘይቲ ናቱ ይኹን ናይ ደቁ ብወያነ ኣየር ትኬት ተኸፊሉሎም ካብ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉን ናብ ኢትዮጵያ እናተመላለሱ ካብ ዝነግዱ ዘለዉ ንጥላም ወያነ እናለሓሱ ሃገራውነቶም ካብ ዝኸሓዱ ኢዩ ኣብ ዝኾነ ንጥፍኣት ሃገረ ኤርትራ ዝምልከት ዝግበር ምውጻእ ገምዘብ ከም ቀንዲ ካብ ጁቡኡ ዘውጽእ ዘሎ ብምምሳል ካብቲ ወያነ ዝሰልዓትሉ ቁሙር ባጀት ብምኽፋል ከም ናቱ ኣምሲሉ ዘደናግር ለዋህ መሰል ሓደገና ሰብ ኢዩ



**ሙሴ ካሕሳይ** ሙሴ ካሕሳይ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየን ተጋዳላይ ህዝባዊ ግምባር ኮይኑ ንነዊሕ እዋን ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ኮይኑ ተመዲቡ ዝሰርሐን ኣብ ክፍላ ናይ 1989 ካብ ህዝባዊ ግምባር ንውድብ ገዲፉ ብመንገዲ ሱዳን ኣቢሉ ናብ ሆላንድ ዝኣተወን ኣብ ሆላንድ ኸኣ ካብ ሓንቲ ኣልማዝ ዝተባህለት ክልተ ቆልዑ ወሊዱ ዝተፋትሐን ናይ ዕጸ ፋርስ ግዙእ ኮይኑ ዝነብርን ኣብዚ ሕጂ እዋን ንሃገረ ሆላንድ ገዲፉ ናብ ጀርመን ብምግዓዝ ምስ ኣብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሰራሕተኛ ጸሓፊት ኮይና

**ሙሴ ካሕሳይ** ዝሰርሐት ንሳ ውን ኣልማዝ ዝስማ ብዕርክነት ክነብር ዝጸንሐ ኢዩ

ሙሴ ካሕሳይ ኣቡኡ ወላዲኡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ከባቢ 70ታት ብኢድ ሰውራ ኤርትራ ብዝተተኮሰሎም ጥይት ኣብ ኣፍደገ ቤቶም ዝተቐትሉ ኢዮም ሙሴ ካሕሳይ ድሕሪ ምቕታል ወላዲኡ ናብ ህዝባዊ ግምባር ዝተሰለፈ ኢዩ ክሳብ እቲ ንህዝባዊ ግምባር ዝገደፈሉ እዋን መቕተልቲ ኣቦኡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዘይኮነስ ብህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ተካይዱ ኢሉ ኣብ ዝጠርጠረሉ እዋን ነቲ ውድብ ራሕሪሑ ክሳብ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብስቕታ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ ብፍላይ ምስ እዛ ዳሕረወይቲ ኣልማዝ ኣብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሃገረ ጀርመን እትሰርሕ ዝነበረት ድሕሪ ምትዕርራኹ ንሳ ብዝፈጠረትሉ መስመር ንናታ ተማእዛዝነት ንምርግጋጽን ድልየታታ ከማልእ ክብል ብግሁድ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተጻብኦታት ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንምትግባር ብጽዑቕ ካብ ዝሰርሑ ዘለዉ ኮይኑ ሓደ ካብቶም ብ(Eritrean smerrr for chenge Room) ዝፍለጥ ናይ መዛተዩ ተባሂሉ ናይ ዝተኸፍተ ፓልቶክ admin ኮይኑ ዝሰርሕ ኢዩ



**ኣስመሮም ወልገርግሽ** ኣስመሮም ወልገርግሽ ንመንነቱ ዝገልጽ ምሉእ ሓበሬታ የለን ይኹን ምበር ኣስመሮም ወለገርግሽ ነባርነቱ ኣብ ዓሰብ ዝነበረ ኮይኑ ኣማኒ ናይቲ ጴንጤ ኮስታል ዝፍለጥ ሃይማኖታዊ እምነት ኮይኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ውን እንተኾን ድሕሪ እቲ ብመንገዲ ስግረ ዶብ ናብ ኢትዮጵያ ምእታዉ ፓስተር ናይቲ እምነት ኮይኑ ኣብ ምግልጋል ዝርከብ ኮይኑ ናይቲ ኣብ ደብረዘይቲ ዝተገብረ ምትእኽኻብ ኣባል መሪሕነት ብምኳን ብዘለዎ መስኖ ርክብ ናብ ዓሰብ ስልኳታት ብምፍጻም

ንመደባት ወያነ ንምዕዋት ካብ ዝሰርሑ ዘለዉ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባን ዓዲ ሓርሽን ሓድሽ መዓስከርን ንዝካየድ ንጥፈታት ዝከታተልን ዝውድብን ነታ ብስም ራድዮ ወጋሕታ እትፍለጥ መቓልሕ ወያነ ዝኾነ ራድዮ ካብ ዘካይዱ ሓደ ኢዩ



ሳብሪና ኣብ ካሊፎርኒያ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እትቕመጥ ኮይና ዝያዳ ካብ ብስም ኣቦኣ ብምስ ኣዲኣ እትጽዋዕ ኣዲኣ ተጋዳሊት ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝነበረት ኮይና ዝያዳ ካብ ሃገራዊ ክብርታትን ሃገራውነትን ዝያዳ ብሃይማኖታዊ ጥሩፍነት እትጥቃዕ ንሰሚራ ሓሰን ሳልሕ ጓላ ኢያ ንኤርትራ ብፍጹም ኣይትፈልጣን ኢያ በቲ ኣዲኣ እትህባ ጎስጓስን ሓበሬታን እንተዘይኮይኑ ሳብሪና ንኤርትራ ኣይትፈልጣን ኢያ ኣብቲ ኣብ ደብረ ዘይቲ ዝተኻየደ ዋዕላ መንእሰያት ብምስታፍ ከኣ

ንውጺኢቱ ብዝምልከት ንስቴት ደፓርትመንት ጸብጻባ ንምቕራብ ዝተመዘዘትን በቲ ዝቐረበላ በዳህቲ ሕቶታት ዝፈሸለትን ኢያ ሳብሪና

**ዶክተር በረኸት ገዛኢ** በረኸት ሓደ ካብቶም መንግስቲ ኤርትራ ብማህደረ ትምህርቲ



ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝለኣኾም እሞ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ ዝተረፉ ሓደ ኮይኑ ኣባል ናይቲ ብስም ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንሰብኣዊ መሰላት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናይ ዝተባህለ ማሕበር ኣባል መሪሕነት ኮይኑ ነባርነቱ ክሳብ ሎሚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝኾነ ብናይ ኢትዮጵያ ፓስፖርት ዝነብር ዘሎ ዕሻሽ ኢዩ በረኸት ኣብቲ ወያነ ዝጸውዖ ናይ ኣዋሳ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ዋዕላ ናይ ሞያውያን ምሁራትን ካብ ዝተሳተፉን ኣብ ናይ ደብረዘይቲ ናይ መንእሰያት ዋዕላ ብወያነ ብዝተገብረሉ ባርኾት ኣብ መሪሕነት ካብ ዝመጹን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ

ሓደ ካብቶም ንመደባትን ውጥንን ወያነ ንምትግባር ኣብ ኣፍሪቃ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ዝካየዱ ፖለቲካዊ ናይ ተነጽሎ ጎስጓሳት ካብ ዝመርሑ ሓደ ኮይኑ ኮይኑ ነቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝምራሕ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ እከይ መደባት ዝመርሕ ኢዩ



**ነጋ ባዜን (ወዲ ባዜን)** መቦቆሉ ካብ ኩናማ ትግራይ ኮይኑ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ ማእከላይ ኮሚቴ ናይቶም ስደተኛታት ኮይኑ ናይቲ ብማሕበር መንእሰያት ኩናማ ዝፍለጥ ምትእኽኻብ ኣባል መሪሕነት ኮይኑ ንመደባት ወያነ ብመንገዲ ብስም ናይቲ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ዝፍለጥ ምትእኽኽእብ ኣብ ናይ ደበረ ዘይቲ ዋዕላ መንእሰያት ብምስታፍ ኣብ ኩሉ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ ቀንዲ ኣባል ስለያዊ ትካል ወያነ ብምኻን ብዙሓት ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ዝቐዝፉ ዘለዉ ሓደ ኢዩ



**ዘካርያስ ክብረኣብ** ቅድሚ ሒደት ዓመታት ኣቢሉ ናብ ጀርመን ዝኣተወ ኮይኑ ኣብ ሓጺር እዋን ናይታ ብቛንቛ ጀርመን ጺሒፍዋ ናይ ዝተባህለ ንምስሊ ኤርትራ እትድውን መጽሓፍ ኣብ ጀርመን ስሙ ዝገነነን ኣሕተምቲ ናይታ ዘካርያስ ክብረኣብ ጺሒፍዋ ናይ ዝተባህለ መጽሓፍ ዝመድመድሉ ባይታ ምስ መራሒት ጀርመን ቻንስለር ኣንጀላ መርከዝ ስእሊ ክለዓል ዝኽኣለ ኢዩ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘካርያስ ክብረኣብ በታ ጺሒፍዋ ዝተባህለ መጽሓፍ ብወያነ ፍሉይ ኣቓልቦ ተዋሂቡዎ ፍሉይ ዕዱም ተባሂሉ ናብ ኣኼባ ዋዕላ ደብረ ዘይቲ ዝተሳተፈን ድሕሪ ኣኼባ ዋዕላ ደብረዘይቲ ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ

ሉኡኻት መንግስቲ ኤርትራ (ማለት ህግደፍ) ብስልኪ ሓኒቖም ክቐትልዎ መዲቦም ቀቲልናዮ ኢሎም ኣብ ሓደ መኣከቢ ጓሓፍ ደርብዮሞ ምስ ከዱ ድሕሪ ኣስታት ሸውዓተ ሰዓት ካብቲ ዝተደርበየሉ ቦታ ተበራቢሩ ተባሂሊ ኣብ ማዕከናት ዜና ወጋሕታን ኣሰናን ተጎርባን ዝጋዋሓሉ ዘሎን ኣብዚ ሕጂ እዋን ጽጹይ መጽናዕቲ ክግበረሉ ተባሂሉ ንመንግስቲ ኤርትራ ዜጋታቱ ብምሽባር ተባሂሉ ጸቕጢ ንምፍጣር ሓደ ድራማ ዝስራሓሉ ዘሎ ኢዩ ዘካርያስ ክብረኣብ  ነዚ ድራማ እዚ ምርኩስ ብምግባር ከኣ ናብ ተቓጻጻሪት ጉጅለን እገዳን መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት .... ከም ሓደ ተርእዮን ጸብጻብን ንምውሳዱ ኣብ መደብ ዘሎ ናይ ሕልሚ ድራማ ኢዩ



እዞም መንእሰያት እዚኦም እቶም ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ኣስማቶምን ተግባራቶምን ገሊጽናዮም ዘለና ዓሳባት ኢዮም ኮይኑ ግን ካብ ባሕሪ ሃገሮም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ቀላይ ኢትዮጵያ ዘምሕረሎም ሽዩጣት ሕልና ምኳኖም ንምንጻር ኢዩ ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ነዞም መንእሰያት ብረብሓ ብምሓዝ ኩሉ ወጻኢታቶም ብምሽፋን ብጀላቡ ገይራ እናኣዘናጋዓቶም እንከላ ዘርኢ ስእሊ ኢዩ ብኽፊል ኢዩ ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ውን ምሉእ ትሕዝቶ ስእልታት ክንዝርግሖ ኢና

# ህዝቢ ምስ ህዝቢ

## ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ክሰፍኖ እንተተደልዩ


## ኤርትራ ናብ ንቡር ቦታኣ ክትምለስ ኣለዋ




እዚ ሕጂ ወያነ ኩሉ ምስ ቀበጸ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብመንገዲ ስብሓት ነጋ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዝብል ርክብ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያን ብምክያድ ነቲ ንሕና ኤርትራውያን ንስኹም ኢትዮጵያውያን ክልቴንና ከም ክልተ ሃገራት ዝብል ኣምር ንምስባር ኣለዓዒልዎ ዘሎ መደብ ብሓደ ብርሃነ ገብረንጉስ ዝተባህለ ቀደም ኣብ ሚቾልኮትስ ዝሰርሕ ዝነበረ ደርግ ናብ ስልጣን ምስ መጸ ባዕሎም ኣሜሪካውያን ካብ ኤርትራ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዘእተዉዎ ኣብ ወርሒ መጋቢት 26-2011 ናይ ትማሊ ምስሊ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብቲ ንሎሚ ንብህጎ ብዝብል ቴማ ምስ ናይ ደርግ በዓል ስልጣን ዝነበረ ሻለቃ ዳዊት ወለገርግሽ ብምኳን ዘበጋገስዎን ብመንግስቲ ኣሜሪካ ሰፊሕ ባጀት ዝተሰለዓሉሉ መደብ ኢዩ ኣብቲ እዋን እቲ ናይቲ ህዝቢ ብህዝቢ ዝብል ቴማ ሒዘሞ ዝነበሩ ጭርሖ ከምዚ ኣብ

ስእሊ ዘሎ ኮይኑ ኣብቲ ዝቐረበ ጽሑፋት ከኣ ግስጋሴ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢምበራጦርያ ኢትዮጵያ ብቑጠባ ይኹን ብርግኣተ ሰላምን ሰብኣዊ ድሕነትን ዝብል

ሰፊሕ ዛዕባ ካብ ስቴት ደፓርትመንት ዝተሳተፍዎ ዓቢ ኣኼባ ተኻይዱ ኣብቲ እዋን እቲ ናይ ዝቐረበ ጽሑፋት ዝርዝር ሰፊሕ ስለ ዝኾነ ከም መሰረት ከኣ ንህላዌ ኤርትራ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ዘሳጥሕ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ጠመተ ዘለዎ ሓደገኛ ስልቲ ዝሓዘለ ብምኻኑ ኣብ ቀጻሊ ጠርኒፍና ከነቕርቦ ኢና ናይቲ ኣብቲ እዋን እቲ ዝቐረበ ኤርትራ ምስ ኣካል ኢትዮጵያ ጸምቢሩ ብምክታት ናይ ዝተዳለወ ናብ ተሳተፍቲ ናይቲ ዛዕባ ካብ ዝተዘርገሐ ክፋል ጽሑፍ ግን ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ይመስል ነይሩ



እዚ ጽሑፍ እዚ ዛጊት ምሉእ ኣስማቶም ጸጺና ንምዝርግሖ ናይ ዝመደብናዮ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ካልኦት ወጻእተኛታት ዘካተተ ብምኻኑ ንኣፍልጦ ብማለት ከኣ ንግዚኡ ናይቶም ኣዝዮም ብተገዳስነት ምንቅስቓሳቶም ምክትታል ዘድልዮም ሰባት ብስእሊ ኣሰኒና ኣብዚ ኣስፈረናዮም ኣለና ኣብ ቀጻሊ ግን ብፍሉይ ምስናይ ኩሉ ጭብጥታቱ ኣስፊሕና ከነቕርቦ ምኻና ቓል እናኣተና ናብ ሕጂር መላለዩ ነጥቢ ከድህብ




ሓደ ካብኦም ኣዳላዊ ናይቲ ኣኼባ ሰራሕተኛ ሚቸልኮትስ ነበር ብርሃነ ገብረንጉስ ኢዩ ብርሃነ ገብረንጉስ ብዘይካ እዚ ናይ ኣሜርካ ኮንፈረንስ ምድላው ኣብዚ ሕጂ እዋን ጥሮታ ዝወጸ ሰራሕተኛ ስለ ዝኾነ ብመንግስቲ ኣሜሪካ ብዝግበረሉ ወጻኢታት ካብ ሃገር ናብ ሃገር እንዳዞረ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝተገብረን ዘይተገብረን ጸብጻባት ብምእካብ ነቲ ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንናይ ኤርትራ ኩነታት ንምቁጽጻር ዝቖመ ተቖጻጻሪ ኮምሽን ጸብጻባት ካብ ዘቐብሉን ብግዳም ዘማኽሩን ኣላይ ናይቲ ጉጅለ ተቖጻጻሪ ኮምሽን ኢዩ

ብርሃነ ገብረንጉስ ኣብቲ ወያነ ዝመደቦ ማእከል ምትእኽኻብ ከም ቀንዲ ቀያሲ ብምኻን ዘገልግል ዘሎን ኣብ ናይ ኣዋሳ ዋዕላ ይኹን ኣብቶም ድሒሮም ዝሰዓቡ ዋዕላታት ኣወሃሃዲ ብምኻን ዝሰርሐን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራን መሪሕነቱን ክሰርሑ ዝኽእሉ ሰባት ንምኽታብ ህድግለነ ዘይብሉ ገንዘብ ወጻኢ ዝገብር ዘሎ ኢዩ ኣብዚ መደብ እዚ ኸኣ ኢትዮጵያዊ ሻለቃ ዳዊት ወለገርግሽ ሓቢሩዎ ይሰርሕ ኣሎ



ሻለቃ ዳዊት ወለገርግሽ ዝያዳ በታ ቀይ እንባ (ቀይሕ ንብዓት) እትጽዋዕ መጽሓፉ ዝፍለጥ ኣብ እዋን ደርግ ኣብ ኤርትራ በዓል ስልጣን ዝነበረ ኢዩ እዚ ስእሊ እዚ ካብቲ ኣኼባ



ዝተወሰደ ኢዩ

**መራሕቲ ናይቲ ኣኼባ ነቲ ኣኼባ እናመርሕዎ እንከለዉ**






ቀንዲ ኣወሃሃዲ ናይቲ እኼባ ዝነበረ ምሉእ ስሙን ናይቶም ካብ ስቴት ደፓርትመን ዝተሳተፉ ብስፍሓትን ዝርዝርን ናይ ኩላቶም ኣብ ቀጻሊ ከም ፍሉይ ዛዕባ ከነቅርቦ ኢና

ብግዲኡ ወያነ ውን ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ነቲ ህዝቢ ብህዝቢ ዝብል መደብ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ኤርትራውያን ብምእካብ ብመንገዲ ስብሓት ነጋ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መጋቢት 26-2011 ዝተኻየደ ኣኼባታት ብምክያድ ስብሓት ነጋ ይጠቅስ <u>“ትምክሕተኛታት ኢትዮጵያውያን ወደብ ዓሰብ ናትና ኢዩ ይግበኣና ኢዩ ዝብሉ ኣለዉ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ ትምክሕተኛታት ኤርትራውያን ከኣ ባድመ ናትና ኢያ ዝብሉ ኣለዉ ንሕና ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ከም ኢህወደግ መጠን ደሞክራስያውያን ክሳብ ዝኾና ብዛዕባ ዓሰብ ባድመን ኣይንዛረብ መግዛእቲ ኣምሓራ ንህዝቢ ኤርትራ መሬቱ እምበር ህዝቢ ኣየድልየንን ኢዩ ዝብል ነይሩ ንሕና ግን ብቐንዱ እቲ መርየት ዘይኮነ እቲ ህዝቢ ናትና ኢዩ ንሕና ኸኣ ናቱ ኢና ኢና ንብል ምኽንያቱ ደሞክራሲ ዶብ ስለ ዘይብሉ ከም መትከል ከኣ ነዚ ኣተሓሳስባ እዚ ንምስራጽ ኢና ንቃለስ ኣብ መብዛሕትኡ መንእሰይ ኤርትራ ከኣ እዚ ሓሳብ እዚ ብግብሪ ይሰርሓልና ኣሎ”</u> ክብል ብምግላጽ ነቲ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምልሓቕ ዘለዎ ዝተናውሐ መደብ ኣብ ግዮን ሆቴል ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ገሊጽዎ ኢዩ

ብሸነኹ ሚኒስተር ዜና ብረኸተ ስምኦን ነዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኻየደ ኣገዳ ንሕና ብዘካየድናዮ ጻዕርን መስርሕ ኢዩ ተተግቢሩ ቀንዲ ዋናታቱ ኸኣ ንሕና ኢና ይኹን ድኣ ‘ምበር ነዚ ስርዓት እዚ በዚ እገዳ እዚ ውን ቁሩብ ኣዳኺምናዮ ምበር ኣየውደቕናዮን መሊእና ከነቃብጸ እንተኾይና ኣብዚ ሕጂ እዋን ኤርትራውያን ክትተሓባበሩና ኣለኩም እንተወሓደ ፔትሽን ብምድላው ነቲ እገዳ ደጊሙ ከም ዝተርር እንተገርኩምን ኩሉ እትዋት ቁጠባ ኤርትራ ከም ዝዳኽም እንተጌርኩም ንዓና ዓቢ ሓገዝ ስለ ዝኾነ ኸኣ ኣብዚ ሕጂ ዝጽንበል በዓል ነጻነት ኤርትራ 24 ግምቦት 2013 ዓቢ ዓለም ለኸ ሰላማዊ ሰልፊ ከተካይዱ ኣለኩም ብምባል ኣብ መዓልቲ ነጻነት ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝቐንዐ ሰላማዊ ሰልፊ ክካየድ ኣዚዙ ብትእዛዙ መሰረት ከኣ ምድላዋት ክገበር ጸኒሑ ሰላማዊ ሰልፊ ውን ተተግቢሩ ኢዩ



ኣብዚ ኤርትራ ናብ ንቡር ቦታኣ ዝብል ቴማ ዝካየድ ዘሎ ጎስጓሳት ብፍሉይ መደብ ሒዝና ከነብርሆ ንህዝብና ከነፍልጦን ኳ እንተኾና ኣብዚ መደብ እዚ ግን ዋላ ኳ ምስ መሪሕነት ወያነ ሕዱር ጽልኢ እንተለዎ ሓደ ካብቶም ኣብ መሳርዕ ደምበ ተቓዉሞ ኮይኖም ዘጎሳጉሱን ንዕላማ ምልሓኽ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ብንጥፈት ዝሰርሑ ኣብ በርመን ጀርመን ዝምቕማጡ ፕሮፊሰር ተስፋጽዮን መድሃኔ ኢዩ ፕሮፌሰር ተስፋጽዮን መድሃኔ ከምዚ ሎሚ ከይሸምገለ እንከሎ እታ ኣብ እዋን ግብዝኑኡ ንኸድሕን ብማለት ደኒና ትልምኖ ዝነበረት ናይ ሎሚ ነጻ ሃገረ ኤርትራ በቶም ምዑታት መዛንኡ ዝኾኑ

ቓልዑ ሱሳታት ሓራ ንምውጻኣ ሃየ መንእሰይ ብደምካን የዕጽምትኻን ተኸላኺልካ ሕጸረኒ ካብ ደመኛ ዓማጺ መግዛእታዊ ሓይሊ ነጻ ግበረኒ ኢላ ደም እናነብዐት ክትጽውዖ እንከላ ንጻዊዒታ ሸለል ኢሉ ጣርይ ዘይኮነ ነቲ ብጽኖኣትን ሓቦን ዓጢቓ ንመግዛእታዊ ጸላኢ ንጸላኢ ብብረቱ ብጥይቱ ብዝብል ጭርሖ ትምክተሉ ዝነበረት እዋን ነታ ናይ ስዉኣት ሓርበናታት ዝኾነት ጠበንጃ ንቑል-ቁል ኣፋ ብምድፋእ ነጻነት ኤርትራ ዝብሃል የለን ኢሉ ዝምጉት ዝነበረ ሰብ ኢዩ ኣብ ዝቕጽል መደብና መንነትን ዕላማን ህልዊ ተግባርን ፕሮፌሰር ተስፋጽዮን መድሃኔ ጀባእ ክንብል ኢና ክሳብ ኣብ ቀጻሊ መደብ እንራኸብ

ኣብ መዛዘሚ መልእኽትና ክንብሎ እንደሊ ነገር እንተሃልዩ እቶም ኣብ መልእኽቲ ኢመይል ክንተሓባበረኩም መታን ኣቐዲምና መንነትኩም ክንፈልጥ ንደሊ ኢና ዝበልኩምናና ናይ ተደለይቲ ሰባት ኢልኩም ኣደናጋሪ ስእልታት ዝለኣኽሙልናን ጌና ውን ስእሊ ክንህበኩም ኢና ኢልኩም ቃል ድሕሪ ምእታው መንነትና ከተጣይቑ ዝፈተንኩም ንሕና መነንትና ኤርትራ ኢና ካብ ስርዓት ህግደፍ ይኹን ካብ ስርዓት ወያነ ንምድሓን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ እነካይዶ ቃልሲ ከምልጠና ዝኽእል ሓበሬታ ይኹን እከይ ውጥናት ስለ ዘየለ ግን ብዝኾነ ሸነኽ ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝቐንዐ ተጻቢ ንምፍሻሉን ንህዝብና ምሕባሩን ሓላፍነትና ምዄኑ ብምግንዛብ ከም ወትሩ ከም ጽላሎት ለይትን ቀትርን ኣድማስ ቀረባን ኣድማስ ርሑቕን ኮይና ንከታተለኩም ምህላውና ነገንዝበኩም

ክብርቲ ኤርትራ ንዘለኣለም ትንበር!!!

ሰናይ ቅነ

gdusattsenatsenti@gmail.com